# ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ምምሃር

**(Learning more than one language)**

## ምኽርታት ዘረባን ቋንቋን

(Speech and Language Tips)

### ህጻናት ኣብ ሓደ እዋን ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋታት ክመሃሩ ይኽእሉ።

**(Children can learn more than one language at the same time.)**

ዝኾነ ሰብ ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ክመሃር ይኽእል እዩ። ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ምምሃር ንዕብየት ዘረባን ቋንቋን ኣይጎድእን እዩ። ውላድካ ምስ ሓደ ቋንቋ ጥራይ ዝዛረብ ቆልዓ ብተመሳሳሊ ቅደም ተኸተልን ብተመሳሳሊ ግዜን ናይ ምዝራብን ቋንቋን ክእለት ከማዕብል እዩ። ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ምዝራብ ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ህጻናት ብብዙሕ መገድታት ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ክመሃሩ ይኽእሉ።

- ገሊኦም ቈልዑ ካብ ዝውለዱ ኣትሒዞም ክልተ ቋንቋ ይመሃሩ። ገሊኦም ድሒሮም ካልኣይ ቋንቋ ይመሃሩ።
- ገለ ቆልዑ ኣብ ገዛ ሓደ ቋንቋ ይዛረቡ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ማሕበረሰብ ድማ ዝተፈላለየ ቋንቋ ይዛረቡ። እዚ ድማ ቋንቋ ገዛ ይበሃል።
- ምስ ውላድካ በቲ ክትጥቀመሉ ምቹእ ኮይኑ ዝስምዓካ ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ምዝርራብ ዝበለጸ እዩ።
- ቋንቋ ዓዶም ዝዛረቡ ህጻናት ብቐሊሉ ካልእ ቋንቋ ክመሃሩ ይኽእሉ። ውላድካ ሕግታት ሓደ ቋንቋ ምስ ዝፈልጥ፡ ካልእ ቋንቋ ንምምሃር ይቐለሉ። ቆልዑ ቋንቋ ናይ ዓዶም ከይረስዑ እንተሒዞም ካልእ ረብሓታት እውን ኣሎ።

ካልእ ቋንቋ ምምሃር ግዜ ይሓትት። ሓደ ቆልዓ ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋታት ክመሃር ከሎ፡ ነቲ ዝመሃሮ ቋንቋታት ኣወሃሂዱ ክሓዋውስ ይኽእል። እዚ ድማ ኮድ ስዊቺንግ ይበሃል። እዚ ልሙድ ኮይኑ ውላድካ ተደናጊሩ ማለት ኣይኮነን።

ውላድካ ድሮ ሓደ ቛንቛ እንተ ፈሊጡን ሓድሽ ቋንቋ ይመሃር እንተሎን፡ ነቲ ሓድሽ ቛንቋኡ ብኡንብኡ ዘይክጥቀመሉ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ናይ ስቕታ ዘመን ይበሃል። እዚ ንኣዋርሕ ክጸንሕ ይኽእል እዩ ውላድካ ግን ድሕሪ እዚ ግዜ ብሓድሽ ቋንቋኡ ክዛረብ ክጅምር ኣለዎ።

### ህጻናት ከመይ ጌሮም ቋንቋ ከም ዝመሃሩ

**(How children learn language)**

ዝኾነ ብሓባር እትገብሮ ንጥፈት ቋንቋ ክትመሃር ዕድል እዩ። ምስ ውላድካ በቲ ኣብ ገዛኻ እትጥቀመሉ ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ተዘራረብ፣ ኣንብብ፣ ዘምር። ኣብ ትምህርቲ ውላድካ ዓቢ ተራ ኢኻ ትጻወት። ንውላድካ ብኸመይ ትዛረቦን ትምልሰሉን ለውጢ የምጽእ እዩ። ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ምስ ውላድካ በብተራ ምዝርራብ ቋንቋ ውላድካ ንምህናጽ ይሕግዝ እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ነዚ QR ኮድ ስካን ግበሩ ወይ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፤ ahs.ca/talkbox



ኣብ ሓደ እዋን ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ምምሃር ንቋንቋ ትምህርቲ ቆልዓ ኣየዝሕሎን እዩ።

እዋናዊ ኣብ ዕለት፡ 22 ጥሪ 2025
(Current as of: January 22, 2025)

Tigrinya

## ወለድን ኣለይትን ርኡይ ለውጢ ከምጽኡ ይኽእሉ

**(Parents and caregivers make the difference)**



ሓደ ቈልዓ ዝኾነ ይኹን ቛንቋ ንምምሃር፡ ጽቡቕ ኣብነታት ክሰምዕን ምስ ካልኦት ኪጥቀመሉን ኣለዎ። ውላድካ ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ንኽመሃር ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ቋንቋ ምምሃር ቀሊል ንምግባር ገለ ሓሳባት እነሆ፤

- **ምስ ውላድካ በቲ ክትጥቀመሉ ዝያዳ ምቹእ ኮይኑ ዝስምዓካ ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ተዘራረብ።** ቋንቋታት ምሕዋስ ንውላድካ ኣየደናግሮን እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ይኹን ኣብ ማሕበረሰብ እትጥቀመሉ ቋንቋ ምጥቃም ኣየድልየካን እዩ።
- **ንኽትጥቀመሉ ዕድላት ምሃብ።**
  - ባህላዊ በዓላትን ምትእኽኻባትን ምስ ኣዕሩኽን ቤተሰብን ወይ ምስ ካልኦት ቆልዑ ምብጻሕ ነቲ ቋንቋ ንምስማዕን ንምጥቃምን ዕድላት ክፈጥር እዩ።
  - ኣብ ዕላልን ጸወታን ዝጥቀመሉ ቋንቋ ዝበለጸ እዩ። ኣብ ስክሪን ዝጸንሕ ግዜ፡ ከም ምርኣይ ተለቪዥን፡ ቋንቋ ንምምሃር ዝበለጸ መገዲ ኣይኮነን።
- **ዛንታታት ምዝራብ፡ መጽሓፍቲ ኣንብብ፡ በቲ ክትጥቀመሉ እትጥዕመካ ቋንቋ፡ ወይ ቋንቋታት ድማ ደርፍ።** እዚ መዓልታዊ ግበር።
  - ዛንታታት ምዝራብን ደርፍታትን ቅኒታትን ምዝማር። ባህላውያን ተጠቐም፣ ካብ ንእስነትካ ትፈልጦም ወይ ድማ ምድላው።
  - ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤተ መጻሕፍቲ ምብጻሕ። ብዛዕባ መጽሓፍቲ ብቋንቋ ዓድኻ ሕተት።
  - ኩሉ ግዜ መጽሓፍ ከተንብብ ኣየድልየካን እዩ። ብዛዕባ እቶም ስእልታት ተዛረብ ወይ ምስቲ ስእልታት ክትከይድ ናይ ገዛእ ርእስኻ ዛንታ ምድላው።
- **ቀስ ኢልካ ብምዝራብን ተግባራት ብምጥቃምን ኣገደስቲ ቃላትን ሓረጋትን ብምድጋምን ቋንቋ ንውላድካ ፍሉይ ክኸውን ሓግዞ።** ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ከም ግዜ ምሕጻብ፡ ድቃስ፡ ምብላዕ፡ ክዳን፡ ናብ መናፈሻ ምኻድ ወይ ምጽራይ ቋንቋኻ ፍሉይ ግበሮ።

## መዓስ ሓገዝ ክትረክብ

**(When to get help)**

ነቲ ናይ ምዝራብን ምስማዕን ዝርዝር መፈተሺ ተጠቐም፣ እዚ ድማ ንቋንቋ ውላድካ ንምክትታል ይሕግዘካ። ነቲ ዝርዝር መፈተሺ ክትመልኦ ከለኻ፡ ብዛዕባ ኲሉ እቲ ውላድካ ዚመሃሮ ዘሎ ቛንቋታት ሕሰብ። ብዝኾነ ቋንቋ ክእለት ክሰርሑ እንተኽኢሎም ምልክት ክትገብሩሉ ትኽእሉ ኢኹም። ሓገዝ ንምርካብ ኢድካ ዘርግሕ እንተኾይኑ፤

- ውላድካ በቲ ዝበዝሕ ግዜ ዝጥቀምሉ ቋንቋ፡ ወይ ቋንቋታት ንኽረዳዳእ ይሸገር ኣሎ።
- ውላድካ በቲ ዝበዝሕ ግዜ ዝጥቀመሉ ቋንቋ ንዕድሚኡ ትጽቢት ዝግበረሉ ኣይገብርን ኣሎ።
- ብዛዕባ ርክብ ውላድካ ስክፍታታት ኣለካ።

## ኣበይ ሓገዝ ትረክብ

**(Where to get help)**

- ብዛዕባ ዕቤት ኣዘራርባን ቋንቋን ውላድካ ትሻቐል ዲኻ?
  ናይ ዘረባን ቋንቋን ፓቶሎጂስት ክሕግዙ ይኽእሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ahs.ca/pedrehab ተወከሱ
- ን24/7 ምኽሪ ነርስን ሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥዕናን ንምርካብ ናብ Health Link ብ 811 ደውሉ።
  ተርጓሚ እንተድኣ ደሊኻ፡ ዘድልየካ ቋንቋ ጥራይ ተዛረቦም።

ኣብ ስክሪን እተሕልፎ ግዜ ኣጉድል። ብዛዕባ ናይ ስክሪን ግዜ ዝያዳ ንምፍላጥ፡ ንወሃቢ ክንክን ጥዕና ሕተት ወይ ኣብ caringforkids.cps.ca ተወከስ

እዚ ጽሑፍ እዚ ንምኽሪ ብቑዕ በዓል ሞያ ጥዕና መተካእታ ኣይኮነን። እዚ ጽሑፍ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝዓለመ ኮይኑ "ከምዘለዎ"፡ "ከምዝኾኖ" ብዝብል መሰረት እዩ ዝቐርብ። ዋላ እኳ ትኽክለኛነት ናይቲ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ርትዓዊ ጻዕርታት እንተተገብረ፡ Alberta Health Services ንልክዕነት፡ ተኣማንነት፡ ምሉእነት፡ ተግባራዊነት ወይ ንፍሉይ ዕላማ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ብቕዓት ዝምልከት ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት፡ ግሉጽ፡ ብተዘዋዋሪ ወይ ሕጋዊ ኣይገብርን። Alberta Health Services ንኣጠቓቕማ እዞም ንዋት፡ ከምኡ'ውን ካብ ከምዚ ዓይነት ኣጠቓቕማ ንዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ክሲ፡ ተግባራት፡ ጠለባት ወይ ክስታት ኩሉ ተሓታትነቱ ብግልጺ የልዕል።